# ድንቡልሽ ድንቡልሻ

*ዋላ ኣይርድኣን ዘሎ ናይ ተፈጥሮ ሕጽኖት*
*ዕድሚኣ ተገሪሱ ከሎ ብዘይ ጣቋ ብዘይ ንህዮት*
*ሓይላ ደንዲኑ ከሎ ሩባ ከይተሳገረት*
*ብርካ ሓንሒኑ ከሎ ኲጆት ከይደየበት*
*ዓጽማ ቆንቃኑ ከሎ ናብ ስራሕ ከይኃየየት*
*ኣነነታ ተሪፉ ከየማሓደረቶ ብሕድገት፡፡*

*ድንቡልሽ ድንቡልሻ*
*ምቕቓው ዝኣበት እንብዛ ከርሻ*
*ምልቃምን ምጽሕታርን ንዳእቲ ኲልሳሳ*
*ንቂሚጦን ኲምርን ትብትን መሺሻ*
*ውሓጥዮ ተተባህለትስ ትኃስሞ መሊሻ፡፡*

*ድንቡልሽ ድንቡልሻ*
*ኣይትሕቆፍ ኣይትሕዘል*
*ኣይትንደቕ ኣይትውሸል*
*ኣይትውንጨፍ ኣይትኸንበል*
*ኣየ እዚ ልምድኺ ኣየ ቢሂል*
*ዋላ ንዝቐድወኪ፡ ንዘይምቅዳው ኮይኑኪ ኣመል።*

*ድንቡልሽ ድንቡልሻ*
*ኣኸዛ ተቐቢሉ ዘትብዐ ማሕረሻ*
*ጻዕሪ ብርቱዕ ከራማት ዝሰግር ሓኔታ*
*ከመጻኪ ከሎ ከተካርምዮ*
*ኣይከሓስመክንዩ ካብ እዚ ዘለኸዮ*
*ዓይንኺ ኣይትሕሰዩ ሕራይካ በልዮ*
*ኢለ እንተመኸርኩ እንታይኪ ኣበስኩ*
*ስለምንባር ከምትነብሪ ምንባርኪ ፈለጥኩ፡፡*

*ድንቡልሽ ድንቡልሻ*
*ናብራኺ ቂሚጦ፡ ሑጻ-ሑጻ ጥሻ*
*ከመጻኪ ከሎ ዘምርሐ፡ ተስታይን ራብዕን*
*ኣርዑትን ቁራባዓትን*
*ዝቑረነሉ ምራንን ከርፈስን ነዊትን*
*ከኾነልኪ ከሎ ዕርፍኺ ኣጽንዒ*

*ቅድሚ ዝኣገረ ብስግኣት ኣይትንብዒ፡፡*

*ድንቡልሽ ድንቡልሻ*
*ኣዝመራ ተቐቢሉ ምነት ንዝረአ*
*ጢለሎ ኣጽኒዑ ኣለዳ ንዘጽብሐ*
*መስከረም መጺኣ ዳጉድ ትመልኣሉ*
*ብገልገለ-መስቀለ ፍረ ትህበሉ*
*ንጻማልያ ተተርንዕ*
*ሑቖኡ ተደልድለሉ፡፡*

*ድንቡልሽ ድንቡልሻ*
*ንሰላሳን ኣርብዓን ዝተኸልከዮ መኣዲ*
*ብሽም ምኽድ ኬድኪ እንካብ ትዕነዲ*
*ምናትኪ ኣትሕዘዮም ከሳልዩኺ ናብ ዓዲ*
*ኣብ ዕንይንይ ካብ ትበልዩ ኣጥፊኢኪ መገዲ፡፡*

*ብሰንሰሎማይ መስከረም / 2017*